# ገለ ካብቲ እሸሓት ስእላዊ መግለጺ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግዜ ገድሊ

# ተጋዳላይ ስዉእ ኢድሪስ ሓሚድ ዓዋተ ጀማሪ ሰውራ።



በዓልመን ኢልካ ክትገልጸን ከትገልጾም፡
ዝተቐራረበ መምዘኒ ዕድሚኦም፡
ሓቢሮም ንሃገር ሜዳ ወጺኦም፡
ሂወቶም ሂቦም ነባሪ ታሪኽ ሰሪሖም።



ምቾት ናብራ ይኹን ፍቕሪ ስድራ፡
ገዲፎም መሪጾም ናይ በረኻ ናብራ፡
ተወሃሂዶም ምስ ስቓይ መከራ፡
ነጻ ከውጽኡ ንኤርትራ፡
ህዝቢ ክኸውን ኣብ ገዛእ ሃገሩ ሓራ።



ፍቕሪ ሃገር ዝነቕነቖ ሓይሊ፡

ደገ ደፍኡ ሓቂ ክደሊ፡

ድኻ ሃብታም ኢሉ ዘይፈሊ፡

ብሓባር ወፊሩ ነጻነት ክደሊ፡

ኣይሃሰሰን እቲ ናይ ትማል ምስሊ።



ጥሜት ከብዲ ዕርቃን ክዳን፡
ሙቖት ጸሓይ ወሪዱ ኣብ ዝባን፡
መናብርቲ ኮይኖም ገባብል ኣትማን፡



ክዕወት እየ ዝበለ ኣብ መትከል ዝረገጸ፡
ምእንቲ ራህዋን ሰላምን ገድሊ ዝመረጸ፡
ናብርኡ ጌሩዎ ምስ ዕንቅሪበት ጻጸ፡
ኣላሽ ኣይበለን ዝመጸ እንተመጸ፡
ታሪኹ ብደም ተጻሒፉ ዝተቐርጸ፡
ክንዲ ጻጸ ከሎ ንሓርማዝ ዝረገጸ።




ኒሒን ሓቦን ከም ቢሑቕ ምስ ተለውሰ፡
ተላዕጢጡ ኣብ ሓደ ኡቶን ምስ ተጠብሰ፡
ደሪቑ ደልዲሉ ንቕሓ ምስ ወረሰ፡
ገና ሕጻን ምዃኑ ረሲዑ ክታኾስ ዝሃንደሰ፡
ናይ ሽው ህጻን'ዩ ዓወት ኣምጺኡ ነጻነት ዘውሓሰ።



ብስነ ስርዓት ተሃንጸ ተጋዳላይ፡
ምሕረት ዝገብር ንቕታላይ፡
ማሪኹ ዘብልዕ ዘስቲ ኣጆኻ በሃላይ፡
ሂወቶም ዘውሕስ ዘፋኑ ብሰላም፡
መን ኣሎ ከም ኤርትራዊ ተጋዳላይ።



መዓስ ጸባ ኾይኑ ነጢቡ ካብ ግንባሩ፡
ተሃሪመ ኢሉ ኣበይ'ሞ ዲሒሩ፡
ግቡኡ ክፍጽም ወሲኹ ናህሩ፡
ብጆካ ናብ ኤርትራ ቅያ ኣበይ ተገሩ፡
ተጋዳላይ ጽንዓቱ ዓለም ኣመስኪሩ።



ቀሊል ኣይነበረን እቲ ጉዕዞ፡
ምስ ከቢት ጾር ኩርባን እንባን ክትወጾ፡
ቁልቁለት ክትወርድ ሜዳ ክትቆርጾ፡
ምረት ጸሓይ ተጸዊርካ ቁሪ ለይቲ ኣስዒብካ፡
መን ኮን ምኻኣሎ እንተልካ፡
እቲ መልሲ ቀሊል ኣይመሰልካ።



እቲ ካልእ ገድሊ ኣብ ሰውራ፡
ህጻናት ምዕባይ ከቢድ ናብራ፡
ምስ ወራራት ኲናት መዳፍዕ ታንክታት፡
ብሰማይ ኣየራት ዝድርብያ ቦምባታት፡
ኩሉ ተሰጊሩ ሳላ ሓያል ጽንዓት፡
ነዚ ስእሊ ነንብቦ ብስርዓት።



ቁንጣሮ ቁጽሪ ሚልዮን ዓቕሊ፡
ሰፊሕ ኣእሙሮ መስተውዓሊ፡
ነዊሕ ምኺኑ ተረድኤ ጉዕዞ ገድሊ፡
ዋላ እንተተኣልሙ ዓንቀፍቲ ፈትሊ፡
ታሪኽ ሰውራና'ዩ ታሪኽ ናይ ትማሊ፡
ነንብቦ ኣጸቢቕና ነዚ ስእሊ፡
መግለጺ ኣለዎ ካብ ቃላት ንላዕሊ፡



ናይ ጉልበት ትምክሕቲ ኣይነበረን ኣብ ገድሊ፡
ንኹሉ ማዕረ'ዩ ኔሩ እቲ ወፍሪ፡
ማሳን ባደላን ኩለን ኩሎም ዋናታቱ፡

ውግእ ደው ምስበለ ኣብ ሳዓቱ፥
ይዋፈር ትዋኣር ከደልድል ዕርድታቱ።



መን ኣሎ ነዚ ናብራ’ዚ ዝምነዮ፥
መንከ’ላ ነዚ ናብራ’ዚ ትደሊ ክትርእዮ፥
ጉዳይ ሃገር ኮይኑምበር ከላእ እርኣዮ፥
ነዚ ስእሊ ኣንብቦ ኣጉልሓዮ፥
ዓቢ መጽሓፍ ኣይትደርብዮ።



ለይትን መዓልትን ዘየቋርጽ ስጉምቲ፥
ኣብ ሃሩር ይኹን ዝናም ከምቲ፥
ብዘይ እፎይ ብዘይ ዕረፍቲ፥
ጭልቁዕ ከብዲ ንቑጽ ማዓንጣውቲ፥
ዓላማ ከቢድ’ዩ ጸረ ዕረፍቲ፥
ብቐሊላይመጸን ሃገራዊ ርስቲ።



ቆጥቋጥ ዘይብሉ ቀላጥ ቦታ፥
ዝሓረረ ኣኻውሕ ዝተፍእ ሃልሃልታ፥
ሰብ ይትረፍ ዝፈንፈኖ ለምምታ፥
ኣንብብዎ’ዚ ስእሊ ካብ መፈለምታ፥
ሓቀኛ’ሎ ታሪኽ ዘይውዳእ ዛንታ።



ዝጠግኤ ገጽ ከም ፋጀሊ ኣብ ማይ፥
ሰም ዘይብላ ኣዒንቲ ሓለዋ ቀትሪ ለይቲ፥

ኲር ኢለን ድምጺ ክሰምዓ ኣእዝንቲ፡
መልሓስ ተዳልያ ከተሕልፍ መልእኽቲ፡
እዚዩ ኔሩ ናብራ ተጋደልቲ።



ፍሽኽታ ብዘይ መግቢ ኮይኑ ስንቂ፡
ይገብረካ ክትምርሽ ኣደልዲልካ ዕጥቂ፡
ንሰብ ይገርሞ ኣይመስልን ሓቂ፡
ዋላታ ተጋዳሊት ኣብ ማህጸና ዝሓብኢት ድቂ፡
ኣብ ኲናት ጸላእታ ተጥቕዕ ከም በርቂ፡
ንሱዩ ትርጉም ናይዛ ስእሊ ብሓቂ።



ሰብዶ ንበሎ ወይስ እንስሳ በረኻ፡
ኣብዚ ከርፋሕ ሜረት ዘጽልእ ናብራኻ፡
ጸላኢ ክትሕሉ ዘጨምጪሞም ኣዕንቲኻ፡
ምእንቲ ሃገር ለዋህ ሓፋሽኻ፡
ኣማን ብኣማን ተጋዳላይ መድሕን ህዝብኻ፡
ሃገር ነጻ ወጺኣ ሳላኻ።



ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ሰውራ፡
ዝተማህረ ይምሃር፡ ዘይተማህረ ይመሃር፡
ሰራዊት ካብ ማሃይምነት ሓራ ክኸውን፡
ነቲ ዘይተርፍ ነጻነት ማሕበራዊ ፍትሒ ሰረት ምንጻፍ፡



ስእሊ ባዕሉ ክሳረብ ከሎ፡
እዛ ንርእያ ዘሎና ሓላል ኤርትራቂት ኣደ፡
ብሰንኪ ሕሱም መግዝእታዊ ግፍዒ፡
ባህላን ልምዳን ሃይማኖታን ወጊና፡

ብረታ ኣልዒላ ዓዳን ስድራ ቤታን ንክትካላኸል፡
ንመስዋእት ድልውቲ ምዃና ንርእያ።



ካብዛ ስእሊ ብዛዕባ እቲ ሰብን፡  ዘለዎ ግዜን፡
ኮፍ ኢሉዎ ዘሎ ዝተተኮሰት ቡብባን፡
ብዙሕ ዛንታ ክዝንቶ ይከኣል፡
ዘደንጹ ዘሕዝን፡ ዘንብዕ - - -ወዘተ።



ብዙሕ ዘይተዘንቶ ጅግንነት ከም ዘሎ፡
ግደ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ገድሊ፡
ብፍሽኽታ እምበር ብጓሂ ከምዘይትስዕር፡
ክገብር እየ ዝበለት ዓጋቲ ከም ዘይብላ፡
ዓላማ ልዕሊ ሂወት ዘሪዕካ ትውፊት፡



እዛ ስእሊ ኣብ ሓሳብን ክትምልሶ ዘይትኽል ሕቶን ተእትወካ፡
እንታይ ኮን ትብል ትህሉ ብኣንክሮ ዝሰምዕዋ ዘለዉ ዝመስሉ፡
ጀለብያ ተኸዲና ነጸላ ጌራ ብረት ተኾልኲላ መን ኮን ትኸውን?
ስለምንታይን ካበይይን መጺኣ? ንክትፈልጥ ኣዝያ ትህውኸካ ምስሊ።



እተን ሓዳር ገረን ወሊደን ዘሚደን ቆልዑ ከዕብያን፡
ስድራ ክኣልያን ዝግብኤን ዝነበራ ኣሓትና፡
ማህጸን ትንቀጽ ሃገር ቀዳምነት ዝበላ፡
ካብ ንቡር ኣብ ዘይንቡር ክነብራ ዝመረጸ፡
ንዘይ ንቡር ናብ ንቡር ዝቐየራ፡
ተጋደልቲ ኣብ ሰውራ ኤርትራ።
ተመልከቲ እስከ ሓንጥጡ፡
ብዛዕባ እዚ ስእልታት ገለ ንበል።



መዓንጣ ዘይቆጸራ መንእሰያት፡
መስዋእቲ ገዝሚ ሓርነት ይኹን ኢለን፡
ካብ ሕቝፊ ወለደን ተፈልየን በረኻ ክመርጻ ከለዋ፡
እንታይ መግለጺ ክወሃቦ ይከኣል?
ኣብ ሰውራ ክስለፋ ከለዋ እንታይ ስሚዒት የሕድር።
ኣብ ሰልፊ ንነጻነት ወተሃደራዊ ታዕሊም ክዕለማ ከለዋስ፡
እዛ ሃገር ፍቕራ ክሳብ ክንደይ ሓያል ምኳኑ፡
ህጻናት ካብ ወለደን ተፈልየን፡
ኣብ ጸምጸም በረኻ ክሰፍራ ትገብር።



መሰላን መሰል ህዝባን ዝተነፍገት፡
መቁሕ ባህሊ ፈንጺጋ ብረት ዘልዓለት፡
ጅግና ኤርትራዊት በዓልቲ ጽንዕቲ ሕልና፡
ብኸመይ ክግለጽ ይከኣል ሃገራዊ ፍቕራ፡



ርኣዩዎሞ ናይዚ ስእሊ መልእኽቲ፡
ኣብ ዝኾነ እዋን ድሉዋት ንመስዋእቲ፡
ዓወት ንሓፋሽ ምስበሉ ዘይተደናገርቲ፡
ወዶም ጓሎም ዝቀዳደሙ ንመስዋእቲ፡



ጉሩም ዕጥቆም ተስፋ ስንቆም፡
ስሙር መስርዕ ዘሔብን ዘኩርዕ፡
ኣጽዋሮም ፈኮስቲ ዘንድዱ ነፈርቲ፡
ሰንበል ትመስክር ናይታ ዕውቲ ለይቲ፡

ነፈርቲ ጸላኢ ክኾና ሓሙኹሽቲ፡
ሓቂ ሒዞ ዝጎዓዝ የብሉን ዓጋቲ፡
ይነገር ታሪኽ ንህጻውንቲ፡
ብሰላም ክነብሩ ወኒኖም ሃገራዊ ርስቲ፡



ዘስካሕክሕ ድብደባ ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ህጻናት፡
ዓለም ዓይና ዓሚታ እዝና ለኲታ ዓገብ ዘይበለትሉ ፍጻመ፡
ኣዘንቲኻን ጽሒፍካን ዘይውዳእ ታሪኽ፡



ዓባይ ንእሽቶ ዕድመ ብዘየገድስ ኣብ ቱኩር ሓለዋ፡
ንርስቲ ይዋጋኣላ ኣንስቲ ተመሲሉ ዘተርፍ ሓቂ፡
ብዙሕ ክበሃል ይከኣል፡
ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኤርትራውያን፡
ወሳኒ ኣብ ዓወት ቃልስና፡



ፍቕሪ ወላዲትን ውልድትን፡
ክልተ ተቓለስቲ፡
ሓንቲ ኣብ ዓዲ ሓንቲ ኣብ ገድሊ፡
እንኳንዶ ጓልስ ወዲ ከተፋኑኳ ከቢድ፡
ፍቕርን ተወፋይነትትን ኣብ ሓደ ምስሊ፡



ንጸላኢ ብብረቱን ብንብረቱን፡
ኣብ ዝጥዕመና ቦታን ግዜን፡
ኮ/መንግስቱ ሻብያ እነኛ ኖው ያስተቕናቸው፡
በኛ መሳርያ እየተዋጉን ናቸው ዝበለሉ፡
ልክዕ ብተመንዝዔ ታንክታቱ ክድሰቕ ከሎ፡



ምእንቲ ሃገርን ህዝብን ነብሱ ዘሕሰመ፡
ኣብ መትከል ጸኒዑ ንኹሉ ዝገጠመ፡
ፈተውቱን ጸላእቱን ብምሖ ዝመመ፡
ብጾት እቶም ጀጋኑ ብረብሓ ዘይዳነ፡
ተጋዳላይ ምስ ተሰመ ርእሱ ዘየድነነ፡
ወዮ ዝበሎስ ኩሉ ድኣ ኾነ።

--------------------ተፈጸመ-------------------

እዚ ኣስፈረዮ ዘሎኹ ስእልታት ንምስሊ ኹሎም ኩለን፡
ኣብ ጅግንነታዊ ቃልሲ ገድሊ ኤርትራ፡
ኣብ ውሽጥን ኣብ ሜዳን ስደትን፡
ጸረ ጸላኢ ዝመከቱን ዝመከታን፡
ህዝብን ሰራዊትን ዝውክል እምበር፡
ንፍሉያት ከምዘይኮነ ክሕብር እፈቱ።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር